

# ኣሉታዊ ገምጋም ፋሺስታዊ መንግስቲ ኢሰያስ። ሽጣራ ኢሰያስ ብመሰረቱ ኣብ ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ (Problem Reaction Solution) ዝተመርኰሰ'ዩ።

ብሓልዮት ግጅለ መጽናዕትን ምርምርን ደቀባት ኤርትራ *12.01.2009*

ንመስርሕ ኣመጻጽኣ ኢሰያስ ብግቡእ ንዝተኻታተለ ወዲ-ሃገር: ሕሉፍ ስስዔ ስልጣን ኢሰያስ ካብ ባዶሽ ዝመጸ ከምዘይኮነ ብሩህ'ዩ። ኢሰያስ ንሜዳ ካብ ዝስለፍ ጀሚሩ: ብምድንጋርን ብምትላልን'ዩ ክጉዓዝ ጸኒሑ። ብሕልፊ ነቲ ኣብ ስልጣን ፋሺስትነት ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ: ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ይኹን ቴቪ-ኤረ: ንዝንባሌ ህዝቢ ኤርትራ መዝሚዙ ብስም ቃለ-መሕታት ብተደጋጋሚ ዝልፍልፎ ዝነበረን ገና'ውን ዝደጋግሞ ዘሎን ዕዋላዊ ጽውጽዋይ: ብኣድህቦ ንዝተኻታተለ ሰብ: ኢሰያስ ኩሉ ግዜ ሓደሽቲ ምስምሳትን ሽጣራን እንዳመሃዘ: ንኣእምሮ ህዝቢ ኤርትራ ክሓጽቦን ከዘንብዖን ከደንቍሮን ከምዝጸንሔ ምግንዛቡ ኣይጽግምን'ዩ። ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ ንሽጣራ ኢሰያስ ገና ዘየቕልበሉ ኮይኑ'ምበር: ኢሰያስ ብመደብ ጸረ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ንኽገልግል ብረቂቕ ከምዝተኸትበ ፍሉጥ'ዩ። ነስመራ እትው ምስ በለ ደቆም ዝተሰውኡ ወለዲ: ደቅና ዝተሰውኡ ንኤርትራ ዘይኮነስ ንስልጣንካን ንሰብ ባሊቃ-ጽሮራ ጀነራላትካን'ዮም" ምስ በሉዎ: "ከይሓነኽ ገዛ-ገዛ እንዳኸድናዶ በጊዕ ክንሓርደልኩም ኢና" ክብል ነቶም ሃገር ዘምጽኡ ብምስትንዓቕ ዝተተርጀገሎም። ካብዚ ዝኸፍእ ድርቅና ከኣ የልቦን።ሽዑ'ዩ እምብኣር ህዝቢ ኤርትራ ንኢሰያስ: ክቐብጾ ዝነበሮ። ኮይኑ ግን ገርህኛ ህዝቢ ኤርትራ: በቲ ሓላይ ህዝብን ሃገርን እናመሰለ: ግንከኣ ዝንባሌን ሕልናን ህዝብን ሰራዊትን ዝምዝምዝ ልሙጽ ልሳኑ ስለዝተታለለ: ልኡኽ ባዕዳውያን ምዃኑ ገና ፈጺሙ ከይኣመነ ጸኒሑ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ብፍላይ ሓርበኛታት ተጋደልትን: ብሓፈሻ ድማ ገርሄኛ ህዝቢ ኤርትራን: ነቲ "ዓይና ምሳይ ልባ ምስ ደበሳይ" ዝዓይነቱ ሕሱር ሽጣራ ኢሰያስ ብልቦና ኣስተብሂሉ ከፍሽሎን ክምክቶን ኣይበቕዐን። <u>ክሳብ ሎሚ ድማ እንሆ ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ኢሰያስ: እሰያስ ድማ ግዳይ ዓሰብቱ (ሞሳድን ሲኣይኤን) ኮይኑ: ገና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ባርባራዊ ዕዮኡ ይቕጽል ኣሎ። ኣየ ጉድ! ኣዝዩ ዘተሓሳብ ግርህነት</u>!። <u>ኢሰያስ ቅንጣብ ሓልዮት ህዝብን ሰራዊትን ሃገርን ከምዘይብሉ: ነቶም ብኣድህቦ ዝመራመሩ ደቂ ሃገር ስዉር ኣይኮነን</u>። ንሽጣራታት ኢሰያስ ብንግሁኡ ዘለለዩ ሓርበኛታት ደቂ-ሃገር: በብሓደን ብጃምላን ተቐንጺሎም'ዮም። እቶም ገና ከይተሓለሉ ክሳብ ሎሚ ዓገብ ዝብሉ ዘለው ሓርበኛታት ድማ: ይድስክሉን ይጽልጸሉን ይእሰሩን ይቕንጸሉን ኣለው። እረ ሎምስ ብዘይ ጥይት: በቲ ሞሳድ ዝመጽወተሎም ሰብ-ዝሰርሖ ረቂቕ ስሚ: ኣናተጠቕሙ'ዮም ሰሚሞም ዝቕንጽሉዎም ዘለው። ንኣብነት ካብቶም ብዙሓት ኣብ ማእከል ኣስመራ: ከይተነግረሎም ብድምጺ ዘይብሉ ሽጉጥን: ብስምን ዝተቐንጸሉ ውሑዳት ከም ብዓል ዓሊ ሰይድን: መሓመድ ሰይድ ባረን ግዳይ ስሚ ኮይኖም ከምዝሓቐቑ ንምጥቃስ እኹል'ዩ።

ዝኾነኮይኑ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ: ብሕሱም ሞሳድዊ ስለላ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ተኸቢቡን ተቐይዱን'ምበር: ስርዓት ኢሰያስ ካብ ዝበቍል ጀሚሩ ካብ ምቅዋም ኣየዕረፈን። እቲ "ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን ብኢሰያስ ጆጁዮም ኣይቃወሙን'ዮም ዘሎው" እናተባህለ ብገለገለ ሰባት ዝዕለል ዕላላት ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ንሓዋሩ ለውጢ ክመጽእ ኣንተኮይኑ'ውን ብውሽጢ'ምበር ብግዳም ዝመጽእ ከቶ የልቦን።ኣብ ወጻኢ ተሰዲዱ ዝነብር ዘሎ ህዝብን: እቶም ተቓወምቲ'ና ብሃልትን ጥራይ'ዮም: ብሓባርን ብውህደትን ክቃወሙ ዘይከኣሉ'ምበር: ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን'ሲ: ኣብ ገሃነብ-እሳት እንከሎ ካብ ምቅዋም ኣየዓረፈን። ስለዝቃወም ዘሎ ከኣ'ዩ ዝግፈፍን ዝእሰርን ዝቕንጸልን ዘሎ። መንእሰይ እንተኾነ'ውን ነቶም ድያብሎሳት ሰለልቲ ኰራኽር ኢሰያስን: ንኢሰያስን ስለዝፈንፈኖምን ዝቐበጾምን'ዩ: ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ሃጽ ኢሉ ዝጠፍእ ዘሎ። ሓደ መዓልቲ ግን ነቲ ውዲት ኢሰያስ ምስተረድኦ: ተገልቢጡ ከምዝወቕዖም ባህርያዊ'ዩ። ኢሰያስ ድማ ከምኡ ከምዝፍጸም ስለዝፈልጥ'ዩ ዝቕድሞም ዘሎ።መብዛሕትኡ ሰራዊት ኤርትራን: ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ገና ዘይበጽሖ: ኣብ ኤርትራ ሓደ ረቂቕ ስለላ-መርበብ ከምዘሎ እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ኤርትራ ዘሎ <u>ከዳዕ ማፍያዊ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.</u>: ምሓውሩ ብፖለቲካ ዘይኮነ: ብዝተፋላለዩ ስለላ መርበባት ዓለም ተደጋጊፉ ለይትን መዓልትን ግብረ-እከይ ይገብር ምህላው'ዩ። ንኣብነት ኢሰያስ ብስሳታት ብዓላ ኣቢሉ ክስለፍ ከሎ'ዩ: ብወተሃደራዊ ስለላ መርበብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ብሲ.ኣይ.ኤ): ሽዑ እዋን መደበሩ ኣብ ኣስመራ ቃኘው-ስተሽን ዝነበረ ዝተዓስበ። ካብኡ ጀሚሩ እዩ'ምባኣር ብእኦም ብረቂቕ እናተሓለወን እናተማዕደን እናተዓለመን ዝዓበየ። ንመረዳእታ ነቲ ተኸለ ዓደንን ተስፋሚካኤል ጆርጆን ዘቃልዑዎ ስነድ ምዝካር እኹል'ዩ። ሎሚ ድማ ብፍላይ ሞሳድ=ወተሃደራዊ ስለላ መርበብ እስራኤል: ከምኡውን ፐ-ዱወ=ወተሃደራዊ ስለላ መርበብ ኢጣልያን: ኤም16=ወተሃደራዊ ስለላ መርበብ ዓባይ-ብሪጣንያ: ተላፊኖም'ዮም ትንፋስ ሰኾያምሉ ዘለው። ንረብሓኦም ክብሉ ድማ "ዝሓንጸጽናልካ መደብ እንተተኸቲልካ ኣብ ስልጣን ክትነብር ኢኻ: ምዕይ እንተበልካ ግን ክትቕንጸል ኢኻ" ኢሎም'ዮም መዚዞሞ። ንሱ ድማ ስኣን ልቡ ነዚ መስኪን ህዝቢ ንኽጽንት: ኣብቲ ሰይጣንዊ ፕሮጀክቶም ክሽከል መሪጹ። ከም ደብተራ ዝሰረዮ ስሩይ ብዓል ዛር ድማ: ኣንሆ ክሳብ ዝኣርግ ንጐይተቱ ብምእማን: ኩሉ ነብሱን ህዝብን ሃገርን ጸንቂቑ ኣሕሊፉ ሂቡዎም። ዋርድያታቱ ንሳቶም ስለዝኾኑ ከኣ ከም ጅግና መራሒ ንነብሱ ቈጺሩ ብደም ንጹህ ህዝቢ እናሸካዕለለ: ነተን ጐይተቱ ዝሓንጸጽሉ ወሲኹምበር ከይጐደለ ይፍጽመን ኣሎ። <u>እቲ</u>

ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን: እቶም ብከብዶም ተዓሲቦም ክሳብ ዝኣርጉ ዘገልግሉዎ ዘለው ገዳይም ሰለልቲ ኲረዀሩ: ከም ብዓል ኣብርሃለይ ክፍለን: ናይዚጊ ክፍሉን: እቶም ሓደስቲ ክታብ: ከም ብዓል የማነ ማንኪን ሓጐስ ክሻን: የማነ ቻርሊን: ኣብርሃ ካሳን: ስማኦን ገብረድንግልን: ጠዓመ ጕይትኦምን (መቐለ): ተስፋልደት ሃብተስላሴ (ዋርድያ ኢሰያስን): ዓብደላ ጃብርን ዓሊ ዓብዱን: ሙስጠፋ ኑርሒሰንን: ጋይም ተኪኤን: ወልደዝጊ ባህታን: ከምኡ'ውን ካልኦት ሓንጨመንጨ ኲራዀሮምን ገና'ውን ብሞሳድ ዝዕለሙ ዘለው ንኣሽቱ መኮንናትን'ዮም: ንመስኪን ህዝቢ ኤርትራ ለይትን መዓልትን ዘጽንቱዎ ዘለው። እዚኦም ክኣ'ዮም ንምሓውር ኢሰያስን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ደው ኣቢሎሞ ዘለው። ፕረሲደንት ኢሰያስ እምብኣር: ነዞም ሕልናኦምን ወገኖምን ዝረስዑ: ካብ ብኣእምሮኦም ብኽብዶም ዝሓስቡ ኣረሜን ተኣማሚኑ'ዩ: ገና ኣሎኹ ዝብል ዘሎ። ስለዚከኣ'ዩ ቅርጻ መንግስቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ብስለላ መርበብ ክሳብ ሕጂ ትንፋስ ረኺቡ ዘሎ። ነዚ ጋንታ ማፍያ'ዚ እዩ'ምብኣር ህዝቢ ኤርትራ መንግስትና ዝብሎ ዘሎ። ኣየወ! እዞም መጋበርያ ስዉር ባዕዳዊ ሓይሊ ምኻኖም ከይተሰቈሮም: ለይትን መዓልትን ብፍላይ ነቶም ዝቃወሙን: ክቃወሙ ዝህቅኑን ጀጋኑ ደቂ ሃገር: ብሓፈሻ ድማ ንህዝቢ ብስለላ ትንፋሱ ዘምልቑዎ ዘለው ኮራኹር ኢሰያስ: ኣብቲ መወዳእታ ዕለተ-ሞት ኢሰያስ እንታይ ኮን ክኾኑ'ዮም። እዚ ኹሉ ብዋጋ ደም ህዝቢ ኤርትራ ዝኽድምዎ ዘለው: ንረብሓ መን ከምዝውዕል እንተ ዝፈልጡስ: ከመይኮን ምተሰምዮም። በየናይ ኣእምርኦም ኣሞ ክስቈሮም። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕንኽ ከኣ: እቶም ዋጋ ኩንታል ማሽላ ናቕፋ ዝምሃያኦም መሳኪን ምልቍባሻትን ለተናንት-ኲረነላትን ደቂ ማማ: ብዘይካ ኢሰያስ ከኣ ኣብኦምን ኣባሓጕኦምን ዘይፈልጡ: ብብዓል ጠዛእ ሙስጣፋን: ዓንጃል ወልደዝግን ጋይምን ተኣዚዞም ንህዝቦም ዘጥፍኡ ዘለው'ዮም። በዚኦም'ዩ እምብኣር መስኪን ህዝብና ዝሳቐ ዘሎ። እዚኦም'ዮም ኣምብኣር ንመንግስቲ ዝነቕፍ ቃል ተዛሪብካ ኢሎም: ብዘይፍርዲ ጨውዮም ነታ ክትዛረበላ ዝተፈጥረት መልሓስ ካልኣይ ግዜ ከምዘይጥቀሙላ ገይሮም ትንፋስ ንጹሃት ሃገራውያን ዘሕልፉ ዘለው። እዚ'ዩ እምብኣር እቲ ኣሉታዊ ገምጋም ፋሺስታዊ መንግስቲ ኢሰያስ።

ስለዚ ኢሰያስ እዚ ኵሉ ሎሚ ብትእዛዛቱ ዝፍጸም ዘሎ ስዉርን ግሉጽን ግፍዒታት መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ሜዳ ከሎ ጕይቶቱ ሓንጺጾም ዝሃብዎ ስዉር መደብ-ዕዮ ተመርኲሱ'ዩ ዝፍጽም ዘሎ። ሎሚ ዝፈጠሮ ሓዲሽ ተርእዮ ግን ኣይኮነን። በየናይ ዓቕሙ። ካብ 1973 ዓ.ም. ጀሚሩ ከኣ'ዩ ነቲ ጕይቶቱ ዘውጽኡሉ መደብ ተኸቲሉ: ነቶም ጀጋኑን ሊቃውንትን "ብመንካዕን ብየሚንን" ወንጂሉ ዝቐንጸሎም። ክሳብ ሎሚ ከኣ ካብኡ ፈልከት ከይበለ: ንጀጋኑን ህዝብን ኤርትራ ገና ይጽንት ኣሎ። ነዚ ግን ሎሚስ ድሕሪ 40 ዓመታት ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊትን ክበርሃሉ ክጅምር ኣለዎ። እዚ እምብኣር'ዩ መዓልታዊ መደብ ዕዮ ፋሺስታዊ መንግስቲ ኢሰያስ። በዚ መኽንያት'ዚ ከኣ'ዩ: ህዝብን ሰራዊትን ክሳብ ሎሚ ኣለልዩ ከይመከቶ: ኣብታ ከተማ ባጽዕ ብስለላ ተዓጂቡ ኣብ ውሻጠ ተሓቢኡ: ብሪሞት ኮንትሮል ትእዛዙ እናኣመሓላለፈ ትንፋስ ንጹሃት ዘምሉቑ ዘሎ። ስለዚ ከኣ'ዩ ንመሰረታዊ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ: ኣብ ክንዲ ዝፈትሕ: ድርብ-ድርብ ሽግር እናደመረሉ ገና ብህዝብን ልዑላውነትን ኤርትራ ኣናሸቀጠ ዝዋራዘ ዘሎ። ብኣድህቦ ታሪኻዊ መስርሕ ኢሳያስ ንዝተኻታተለ ሰብ ግን: መንግስቲ ኢሰያስ መንግስቲ-ባዶሽ ጥራይ ዘይኮነ: ንህዝቢ ኤርትራ ፈጺሙ ዘይውክል መንግስቲ ምኻኑ'ዩ። ኢሰያስ ካብ ቅድም ጀሚሩ ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ ንዘስተውዓለሉ ሰብ: ኵሉ ግዜ ዝጥቀመለን ሜላታት: ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ (*Problem Reaction Solution*) ጥራይ እየን። እቲ ቀንዲ ተግባርዊ መልእኽቲ ናይዘን ሰለሰ ኣምራት ድማ: ኢሰያስ ነቲ ኣውራ ሽግር መሰረታዊ ፍታሕ ክረብ ስለዘይደሊ: ነቲ ቀንዲ ሽግር ከዊሉ: ሓዲሽ ኋል-ሽግር ብምፍጣር: ህዝቢ ቀንዲ ውራዩሩ ረሲዑ ኣብ ሸንኮለል ከምዘድህብ ንምግባር'ዩ። እዚ ስልቲ'ዚ ግን ኢሰያስ ባዕሉ ዝመሃዞ ዘይኮነ: ኣምሆ ዘመን እቶም ስውራት ጕይቶቱ: ኣቐዲሞም ኣዳልዮም ዝቐረብሉ መምሪሒ'ዩ። ርግጽ'ዩ ነዚ እከይን ረቂቕን ሜላ'ዚ ተራ ሓፋሽ ንኽርድኦ ኣዝዩ ኣጸጋሚ'ዩ። ኢሰያስ'ውን ሎምስ ንባዕሉ ኣብዘይዓቕሙ ጥሒሉ ስለ ዘሎ ዝርድኦ ኣይመስልን።

ንመረዳእታ: ኢሰያስ ብዛዕባ ኣፈታትሓ ሓደ ሽግር ንዝምልከት: ኩሉ-ግዜ ብጋዜጠኛታት ኮነ ብሰበ-ስልጣንት: ወይ ብሓፋሽ ክሕተት ከሎ: ከመይ ገይሩ ነዘን ሰለስተ ሜላታት ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ ከምዝጥቀመለን እስከ ንከታተል።

ንኣብነት:- ኣብ እዋን ተ.ሓ.ኤ. ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ.: ኣብ ክንዲ ምስ ኢትዮጵያ ዝዋጋእ: ጸረ ተ.ሓ.ኤ. ኵናት-ሓድሕድ እናካየደ:- ህዝቢ ነቲ ቀንዲ ፍታሕ ሕቶ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ: ክቀላጠፈሉ ክሓትት ከሎ: "እንታይሞ ክንገብር ዓማ እንድያ ምስራሕ ከሊኣትና: ዓማ እንተዘይ-ትሕንኵለና ቀልጢፍና ነጻነት ምረኸብና" ኣናበለ ብምስምስ ጥራይ ካብቲ ቀንዲ ፍታሕ ይሃድም ነይሩ። እቲ ንሽጣራ ኢሰያስ ዘለለየ ውሑድ ህዝቢ እንተዘይኮይኑ: እቲ መብዛሕትኡ መስኪን ሓፋሽ ግን: "ብሰንኪ ዓማ'ዮም ተዓናቒፎም ኣምበር: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነጻነት ቀልጢፎም መምጻኡዋ ነይሮም" እናበለ'ዩ ኣብ ኋይላ ዝዕንድር ነይሩ። ኢሰያስ ግን ዕዩኡ የሰላስል ነይሩ።

ሽጣራ ኢሰያስ ብመሰረቱ ኣብ ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ (*Problem Reaction Solution*) ዝተመርኰሰ ምኻኑ ተገንዚብናዮ'ና። እስከ ነዚ ዝስዕብ ተወሳኺ ኣሉታዊ ፍጻሜታት ኢሰያስ ከኣ ሕጂ ብዝርዝር ንከታተሎ።

1ይ) ኣብ 1977 ዓ.ም. 90 % ከተማታት ኤርትራ ነጻ ወጺኡ ክነሱ: ክልተ መራሕቲ ውድባት ኤርትራ ስለዘይተሰማምዑ: ኩሉ ብሰራዊት ሓርነት ነጻ ወጺኡ ዝነበረ መሬት ኤርትራ: ኣብ ኢድ ወተሃደራዊ መንግስቲ ወዲቑ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ሽዑ መዘና ዘይብሉ ክሳራ ከሲሩ። እቲ ፍታሕ ግን ክልተ ሃገራውያን ውድባት: ኣብ ክንዲ ንድሕነት ሃገርን ንጠለብ ህዝብን ቀዳምነት ሂቦም መሰረታዊ ፍታሕ ዘምጽኡ: ብሓፈሻ ንስልጣኖም ብፍላይ ከኣ ንጠለብ ባዕዳውያንን ኣቐዲሞም። ነቲ ሽግር →መልሲ (Problem →Solution) ኣብ ክንዲ ምርካብ ግን ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ (Problem Reaction Solution) ተመሪጹ: ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብ1978 ዓ.ም. ክመጽእ ዝግብኦ ዝነበረ: ን15 ዓመታት ዝኣክል ንድሕሪት ተመሊሱ። ማኣለያ ዘይብሉ መንእሰይ ድማ ረጊፉ: ህዝቢ ከረንን ህዝቢ ደቂ መሓረን: ህዝቢ መንደፈራን ኣቕርደትን ተሰነይ ድማ ካብ ንቡር መነባብሮኡ ተዘናቢሉ ኣደዳ ስደትን መከራን ኮይኑ። ብ1981/82 ድማ ሰራዊት ሓርነት ተ.ሓ.ኤ. ብሰንኪ ሻዕብያን ወያኔን ንሱዳን ኣትዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ከኣ ንሜዳ ኤርትራ ብሒቱዎ።

2ይ) እዚ ኩሉ ሓሊፉ ድማ ኩነታት ዝሑል ኹናት ስለዝፈቐዶ: ብመስዋእትነት ጀጋኑ ብ1991 ዓ.ም. ነጻነት ኤርትራ ተረኺቡ። ህዝቢ ብስምዒት ሃሊየ-ሉያ ኢሉ: ተሰራሲሩ ጽንብል ነጻነቱ ከኣ ኣጸንቢሉ። ኮይኑ ግን ኣብ ክንዲ ራእዱን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ምትግባር: ፖሊሲ ጐይቶት ኢሰያስ ንምትግባር: "ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ነጋዳይ" ዝብል ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ክትከል ኣይተፈቕደን። ህዝቢ ኤርትራ ቀሲኑ ምስ ጐረባብቱ ተሳኒዩ መታን ከይነብር: ከም ኣመሉ ፋሺስታዊ ኢሰያስ: ራእዩ ዓሰብቱ መንግስቲ ኣሜሪካ ንኺተግብር: ነተን ኣብ እዋን ሜዳ ዝጥቀመለን ዝነበረ ረቀቕቲ መኽንያታት ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ (Problem Reaction Solution): ካብ ጅብኡ መዚዚ ከተግብረን ጀሚሩ። ንሱ ድማ "መንግስቲ ሱዳን ትጻብኣና ኣላ" ብዝብል ሰበብ: ካብ 6000 ዝበዝሑ መንእሰያት: ኣብቲ ኣንጻር መንግስቲ ሱዳን ዝወልዖ: ትርጉም ዘይብሉ ኹናት ጠቢሱ መንቀ‌ሱዎም።

3ይ) ጸኒሑ ድማ ባዕሉ ዝፈጠሮም: "መጀሃዲን ዝብሃሉ ኣኽረርቲ-ምስልምና ሱዳን ልኢኻትልና" ኣንዳበለ: ንሕቶ ህዝቢ ረሲዑ: ንሰራዊትን ህዝብን ኣብ ብዙሕ ሽንኰለል ኣእትዩዎ።

4ይ) ቀጺሉ "መንግስቲ የመን ደሴታት ሓኒሽ ምንጢላትና" ኢሉ: ሓዲሽ ጓል-ሽግር ምሂዙ። ኣብ ክንዲ ነቲ ተፈጢሩ ዝበሎ ሽግር: ብዘተ ዝፈትሖ ድማ: ኹናት ወሊዑ መንእሰያት ከኣ ብሰንኩ ቀለብ ዓሳ ኮይኖም። ወዮ ደሴታት ሓኒሽ ብመንግስቲ የመን ተወኒኑ። ድሕሪ ማይ ኣብ ብዓቲ ከኣ: ኣይግዳዱ ኣይተ ኢሰያስ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብና: ዓለም ፈሪዳትና ተረቲዕና" ኢሉ ሓሊፉዎ። ኣብዚ'ውን ውሽጣዊ ሽግር ከይተፈትሐ ←ግብረ-መልሲ መሪጹ ←ፍታሕ ተረሲዑ። (Problem→Reaction→Solution) ብግብሪ ተራእዩ።

5ይ) ካብኡ ቀጺሉ ድማ ሓዲሽ ጓል-ሽግር (ግብረ-መልሲ) ብምፍጣር ኣመሉ ስለዝኾነ: ገና ሕቶ ህንጻ-መንግስትን ሕገ-መንግስትን ከይተተግበረ ከሎ: "ወያኔ እንዶሞ ቀኒኦምልና" ዝብል ዳንኬራን ፕሮፖጋንዳን ብምኽያድ: ንህዝቢ ዝንባሌኡ መዝሚዙ ኣብ ሓዲሽ ኹናት ጠጢቑዎ። እቲ ካብ ኩሉ ዘስደምም ድማ ንሰራዊት ኣብ ዓውዲ ኹናት ጠቢሱ: ምስ ጐይቶቱ ስለላ-መርበብ ኣሜሪካ ስለላዊ ሰሚናር ንኽካፈል ንስዑድያ ገይሹ። እዚ ጥራይ ከይኣክል "ዕዳጋ ከምዝጸንሓካ" ከምዝብሃል: እቲ ኰበሮ ዝሃረመሉን ጥሩምባ ዝነፍሓሉን ኹናት ምስ ወያኔ ድማ ፈሺሉዎ። ካብ 80 ሽሕ ዝበዝሑ መንእሰያት ከኣ ግዳይ ጥይትን ዓረርን ኮይኖም ጸኒቶም። ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ድማ: ካብ መነባብሮኡ ተዘናቢሉ ኣደዳ ስደትን መከራን ኮይኑ።

6ይ) ብውዕል ኣልጀርስ መሰረት'ውን ኢሰያስ ስዕረቱ ተቐቢሉ'ዩ። መንጐኛታት ዝበየንዎ ብይን ከይሓፈረ ብዘይ ይግባይ ኣሜን ኢሉ ተቐቢሉ። ብሰንኪ ብባዕዳውያን ዝተወልዔ ትርጉም ዘይብሉ ኹናት ከኣ: ባዕዳውያን ሓይልታት "ዓቀብቲ ሰላም" ተባሂሎም: ኣብ መሬት ኤርትራ መደበሮም ገይሮም። እዚ ኩሉ ክግበር ከሎ ግን: መሰረታዊ ሕቶ ህንጻ-መንግስትን ሕገ-መንግስትን ተረሲዑ። ህዝቢ ቀንዲ ውራዩ ዘንጊዑ ኣብ ዳግማይ ሓዘን ጥሒሉ: ካብ መንባብሮኡ ተዘናቢሉ። ሓዲሽ ጽልኢ ምስቲ ሓው ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ብግዲ ንኽጸላእ ተገዲዱ። ፋሺስትነት ኢሰያስን ግፍዕታት ጭፍራ-ስለያ ኢሰያስ ግን: ብጌጋኡ ተማሂሩ ውሽታዊ ውራይ ህዝቢ ዝገብር: ከም ኣመሉ ኣብ ልዕሊ ሓርበኛታትን ህዝብን ቅንጸላዊ ወፈራኡ ቀጺሉ። ኣብ ዶባዊ ኹናት ዝጠፍኡ ከይኣኽሉ ከኣ: ብኣሽሓት ዝቍጸሩ ንዶባዊ ኹናት ዝተቓወሙ ሓርበኛታት ተኣሲሮምን ተጸልጺሎምን ደስኪሎምን። ብጂ-15 ዝፍለጡ ላዕለዎት ሰበስልጣናት ደቂ ሃገር ድማ: "ህንጻ-መንግስትን ሕገ-መንግስትን ይተግበር! ህዝባዊ መንግስቲ ይተኸል!" ስለዝበሉ: ብዘይ ፍርዲ ክሳብ ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጕኖም ኣለው። ገሊኦም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሰዊኦም። ገሊኦም ድማ ብሕማም ማሲኖም ንሞት ይጽበዩ ኣለዉ።

ኣብዚ'ውን ውሽጣዊ ሽግር ከይተፈትሐ ←ግብረ-መልሲ ተመሪጹ←ፍታሕ ተረሲዑ። (Problem →Reaction →Solution) ኣብ ጓል ነገር ተኣትዩ። ህዝቢ ሓቦኡን ሞራሉን ተጸንቂቑ። ህዝብን ሰራዊትን ድኣ ተሃሚሉ እምበር: ተልእኾ ኢሰያስሲ ካብ መጀመርያኡ ንልዕላውነት ሃገር ኤርትራ ንምዕቃብ ዘይኮነስ ንምቕንጣት'ዩ ነይሩ።

7ይ) ጉዳይ ዶብ እንተድኣ ተፈቲሑ: ኩሉ ክሳለጥ'ዩ ተባሂሉ ንሸውዓተ ዓመታት ለለ ክብሃል ከምዘይጸንሔ: ጉዳይ ዶብ ድሮ ብቤት ፍርዲ-ዴንሃግ ምስ ተፈርደ ድማ: እቶም "ዓቀብቲ ሰላም" ዝብሃሉ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ 25 ኪ.ሜ. ተዓስኪሮምሉ ዝነበሩ ሰፈር ጨሪሶም ወጺኦም። እቲ ጉዳይ ዶብ ዝብሃል ዝነበረ ግን ድሮ ብኢሰያስ ስለዝተረስዔ: "እንታይሞ ክንገብር ኣሜሪካ ኣንድዮም ዘርዮምና" ዝብል ማይ ዘይሓለፎ ሓዲሽ ሕሱር ሽጣራ ከኣ ምሂዙ። ንኢሰያስ ግን ሽግር←ግብረ-መልሲ←ፍታሕ (*Problem→ Reaction ←Solution*) መምርሒኡ ስለዝኾነ: እዚ ናይ መወዳእታ ሽጣራ'ውን ንዕኡ ሓዲሽ ኣይኮነን። መስኪን ህዝቢ ግን በቲ መደናገሪ ዝኾነ ዘይፍጸም ተስፋታት ኢሰያስ ተደናጊሩ: ኣይንላዕሊ ኣይንታሕቲ ኮይኑ ርዒዱ ተሪፉ።

ተዓዘብትን ተመራመርቲ ፖለቲካን ብዛዕባ ኢሰያስ ርእይቶኦም ክህቡ ከለው ከምዚ ይብሉ:- ኢሰያስ ሲ.ኣይ.ኤ. ተኻናኺኖም ዝዓለምዎ ክነሱ: እዚ ሎሚ ከምስል ዝጸርፎም ዘሎ: ንሰብ ከደናግርን ማኒምፑለይት ንምግባርን ጥራይ እዩ"። ቀጺሎም እቶም ተመራመርቲ ርእይቶ ክህቡ ከለው: "እዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኢሰያስ ጸረ ኣሜሪካ ተመሲሉ: ዓጀውጀው ዝብሎ ዘሎ ግዝያዊ ውዲት'ዚ: ቀንዲ ተልእኾኡ ንህዝቢ ኤርትራ ገጂፍ ሓይሊ ይጻብኦ ከምዘሎ ንምርዓድ: ከማኡውን እቲ ህዝቢ ለካ ብዲሞክራስያን ብፍትሕን ዘይንነብር ዘሎና ኣማሪካ ስለዝዓገተትና እያ ኢሉ ተስፋ ቈሪጹ ሃገራዊ ፍቕሩ ከጥፍእን: ብስነ-ኣእምራዊ ሕማም ክሳቐን ኢሉ ዝተማህዘ እከይ ውዲ'ዩ" ይብሉ። ብተወሳኺ ክትንትኑ ከለው ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ኣብ ኢዱ ከሎ: ኢሰያስ ግን ጀጋኑኡ ኣጥፊኡ መንእሰያቱ ኣጽኒቱ: ነቲ ህዝቢ ዘርምዘርሞ ኣትሪፉ ግዳይ ግሎባል ኤሊትስን ገበቲ ምንጪ ቍጠባን: ተቓጻጸርቲ ስትራተጂን ንምግባር'ዩ" ይብሉ። ቀጺሎም ርእይቶኦም ክህቡ ከለው: "እዚ ማለት ድማ ጽባሕ ንግሆ ኢሰያስ ንኤርትራ: ኣብ ሓዲግ መዲግን ባዶሽን ኣውዲቑዋን ጠንጢኑዋን ክሃድም ከሎ: እቲ ህዝቢ ዝመጸ ሓይሊ ባኒ ሒዙ ክገዝኦ ከምዝኽእል: ዘዳልዎ ዘሎ ረቂቕ ሜላዊ ምቅርራብ'ዩ" ይብሉ።

<u>ገምጋም መንግስቲ ኤርትራ ካብ *1993* ክሳብ *2008* ዓ.ም. ኣሉታዊ ካብ ኮነ እምባኣር: ብሕልፊ እቶም ኣብ ወጻኢ ኣንነብር ንቃወም ኣሎና ንብል ኤርትራውያንከ እንታይ ምግባር ይሕሸና</u>?

## <u>ፍታሕ</u>

ምናልባት ንገለ ደቂ ገርሂ-ልባ: እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብሰንኪ ኢሰያስን ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ዝግበር ዘሎ ሕሱም ፋሺታዊ ፍጻሜታት: ሎሚ ብሃንደበት ካብ ሰማይ ዱብ ኢሉ ዝወረደ ሓዲሽ ተርእዮ ኮይኑ ክርኣዮም ይኽእል'ዩ። ዝኾነ ይኹን ሳዕቤን ግን ብዘይ ጠንቂ ኣይፍጠርን'ዩ። ባህርያዊ ከኣ ኣይኮነን።እዚ ኩሉ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ዝርኤ ዘሎ ሕሰምን መከራን እምብኣር: ካብታ ኢሰያስ ንሜዳ ዝወፈረላ ዕለት ጀሚሩ: ብዘገምታዊ መስርሕ ክጉዓዝ ዝጸንሐ ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ብሓጺሩ ውጽኢት ናይቲ ኢሰያስን ጉይቶቱን ዝፈጠሩዎ ጠንቂ ጥራይ እዩ። ሕጂ ግን መወዳእትኡ ስለዝቀራረብ ዘሎ እቲ: ሽጣራ ዘገም ኣናበለ ክፍዳሕ ይጅምር ኣሎ።

ርግጽዩ ገምጋም መንግስቲ ኤርትራ: ካብ *1993* ክሳብ *2008* ዓ.ም.፡ ወይድማ ክሳብ ሎሚ ኣሉታዊ እንተዘይኰይኑ ኣዎንታዊ ኣይረከቦን'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኢሰያስን ተልእኾኡን: ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ክዒቡዎ'ዩ። ስለዚ "ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ" ከምዝብሃል: ነዚ ኵነታት ሃገርና ዝኽዶ ዘሎ ጉዕዞ: ከምዛ ተፋላሊና ንጉዓዛ ዘሎና: ተዓዚብቲ ጥራይ ብምዃን እንዳተራገምና ቀጺልና: እቶም ኣብ ስደት ዘሎና ኣብ ስደት ክንበሊ ኢና። እቶም ኣብ ሃገር ዝተረፉ ተረፍመረፍ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ድማ: መሬቶም ብጓኖት ክውነን'ዩ። <u>ስለዚ ንሕና ብሕልፊ እዞም ኣብ ወጻኢ እንርከብ ደቂ ሃገር: ካብቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለው ስለንሓይሽ: ብስም ሓንቲ ኤርትራ ብሓደ ስትራተጂ ክንውሃሃድ እዋኑ ይጠልበና ኣሎ</u>። ብኢሰያስ ድሕነትን ልዕላውነት ሃገርን ከምዘይዕቀብ ድማ: በቲ ባዕሉ ዘዕልሎ ዘሎ ዕዋላዊ ዕላላት በሪሁልና'ዩ። ስለዚ እዚ ንዕቀት ናይ ኢሰያስ ንባዕሉ: ንነፍሲ-ወከፍ ብሃገሩ ዘይቀሰነ ኤርትራዊ: ነፍሱ ፈቲሹ ኵነታቱ ገምጊሙ ንክጥርነፍ ዝደፋፍእ ኣጋጣሚ'ዩ። ስለዚ ብባይቶ መልክዕ ተጠርኒና: ምስቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ: ክንቀራረብ ግድነት'ዩ። <u>ኣብዚ እዋን'ዚ ኢሰያስን ተልእኾኡን: ኩሉ ሰብ ክዒቡዎም ስለዘሎ: ነዚ ብሰንኪ ኢሰያስን ኲራዀሩን ጉይቶቱን ዝጽበየና ዘሎ: ሰባብ ውዲት ኣለሊና: ፍልልያትና ኣጽቢብና: ተስፋ ከይቈረጽናን: ተጸበይቲ ጓኖት ከይኮናን: ምስ ህዝብናን ሰራዊትንና ተወሃሂድና ንስርዓት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክንምክቶ ክንልዓል ኣሎና</u>። ብሓባር እንተዘይተበጊስና ግን ብዛዕባ ሃገርና ምዝራብ ትርጉም የብሉን። በበይንና ተፋላሊና "ተቓወምቲ ሓይልታት ኢና" እንዳበልና ምቕጻል ግን: ጽባሕ ንግሆ ንኹልና ዘይወጽእ ጣዕሳ ክገድፈልና'ዩ።

ብፍልጠት ዝተጠርነፈ ህዝቢ ኣይስዓርን'ዩ።
ስልጣን ዝህብን ዝኸልእን ህዝቢ ጥራይ እዩ።